# ብሓገዝ ዝተሰነየ ምምላስ ሰበ-ደብሊን

እንተድኣ ንካልእ ሃገር ንክትመሓላለፍ ውሳኔ መጺካ ኰይኑ፡ ናብታ እቲ ጕዳይ ዑቕባኻ ንክትርእየልካ ዝምልከታ ሃገር ግድን ክትምለስ ኣለካ። እንተደሊኻ እውን ንሃገረይ ምምላስ ይሕሸኒ ትብል እንተድኣ ኰይንካ ክትምለስ ትኽእል ኢኻ። ንሃገርካ ንምምላስን ኣብኡ ሓድሽ ህይወት ንምጅማርን ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ብሓገዝ ዝተሰነየ ምምላስ ምስ እትሓትት እቲ ክወሃበካ ዝኽእል ሓገዝ እዚ ዝስዕብ እዩ፡

- ሓገዝ ንፓስፖርትን ሰነዳት መጓዓዝያን ንምርካብ
- ኣየርትኬት ።
- ምኽሪታት ካብ International Organization for Migration (IOM) ዓለምለኻዊ ማሕበር ፍልሰታ።
- ዕድመኻ ልዕሊ 18 እንተድኣ ኰይኑ 7000 ክሩነር።
- ዕድመኻ ትሕቲ 18 እንተድኣ ኰይኑ 2000 ክሩነር።

ኣብ ካልኦት ፍሉያት ሃገራትን ወይ ከኣ ኣብ ሓንቲ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገርን መንበሪ ፍቓድ ምስ ዝህልወካ እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣይምልከተካን እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ udi.no ርአ።

## ተወሳኺ ገንዘብ ንብቑዕ ሰነዳት መጓዓዝያ

እንተድኣ ምስ እቲ መሕተቲ ሓገዝ ብቑዕ ፓስፖርት ኣቕሪብካ ወይ እውን ኣቐዲምካ ብቑዕ ፓስፖርት ዘረከብካ ኔርካ ኰይንካን፡ ጌና ብቑዕ ዝኾነን እንተድኣ ኰይኑን ተወሳኺ 5000 ክሩነር ክወሃበካ ይከኣል እዩ።

ኣብ ዝቐልጠፈ ክትብገስ ኣለካ

ናብታ እቲ ጕዳይ ዑቕባኻ ንክትርእየልካ ዝምልከታ ሃገረ ኤውሮጳ ንምምላስ ብዝምለከት ዘሎ ገደብ ግዜ ሓጺር እዩ። ንዓደይ ክምለስ ይሕሸኒ ትብል እንተደኣ ኰይንካ ከኣ ብዝቐልጠፈ እቲ ሰነዳት መጓዓዝያ ኣምጺእካ ንዓድኻ ክትምለስ ኣለካ። ንምምላስ ብዝምልከት ሓገዝ ንዓለምለኻዊ ማሕበር ፍልሰታ (IOM) ምስ እትሓቶም እቲ ገደብ ግዜ ከፍልጡኻ ኢዮም።

## ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ኢኻ ትሓትት

UDI

እቲ መሕተቲ ቅጥዒ ኣብ www.iom.no ኢኻ ትረኽቦ።

በዚ ቁጽሪ ስልኪ እዚ 800 37 404 ንዓለምለኻዊ ማሕበር ፍልሰታ (IOM) ብናጻ ደውል።

በዚ ኢ-መይል እዚ iomoslovarp@iom.int እውን ደብዳቤ ክትሰድድ ትኽእል ኢኻ።